# ሎምስ ኣጆኹም ንበሎም

ወዳጆ ሓላዪ ሃገር ንበይንኻ
ግብርኻ ፈሊጦም እምቢ እንተበሉኻ
ክትፈላልዮም ትፍትን ኣለኻ
ተፈሊጣ ኢያ ግን እታ እከይ ግብርኻ
መጹኹም ጸላእቲ ኣለውና እናልካ
ክንደይ ጊዜ ዘይኣዳናገርካ
ኩሉ ፈሊጡዎ ኢዩ ሎምስ እቲ ብልሓትካ
ሰሚሮም ኢዮም ከም ቀደም ኣይምሰልካ

ኤርትራዊ ሓወይ ንዓ ክነግረካ
ኣይትረስዕ ንሕሉፍ ታሪኽካ
ተቓሊሶም ምእንቲ ድሕነትካ
ብሂወት ኢያ መጺኣ ነጻነትካ

ዝፈትዋ ሂወቱ ሂቡ ንመሰልካ
ከምቲ እትደልዮ ስለ ዘይኮነልካ
ተኸላኸል ሕጂስ ብዘለካ
ደገፍካ ኣስማዓዮም ንዝብሉ ኣለናልካ
ጀሚሮም እኒሄው ከፋራርሑልካ
ኣጆኹም ምባል ኢዩ ሕጅስ ትኣኽለካ
ድሕርጂ ኣይትኮብኮብ እናተደጎርካ
ንሓሶት ኣቃልዕ ተዛረብ ዓው ኢልካ
ዘረይቲ ካብ ተላዕሉ ምእንቲ መሰልካ
ቃልዕ ኣውጽኣዮ ንሽግርካ
ኣብ ውሽጥኻ ኮይኑ ካብ ዝሳቐየካ
ጅግንነት ድገሞ ኒሓም ተቐኒትካ
ልገብ ድኣ ሎምስ ታሪኽ ከይከሰካ
እምቢ ንዓመጽቲ ኢያ ትኣኽለካ
ሞራል ኢያ ነዞም ዝብሉ ኣለናልካ
ክእለ'ዩ ሎምስ እዚ በታን ኣሕትካ
ኣደታት ዘንብዔ ከለኻ ብደውካ
ነዞም እሕሕ ዝብሉ ሓግዞም ኣጆኻ
ነበረ ክኸውን'ዩ ኣሰር ገዛእትኻ

ድብንብን ይብል ኣሎ ታሪኽ ንኽድገም
ህዝቢ ኤርትራ ኣብጺሑ ኢዩ መርገም
ልቦና የድሊ ሕማኞ ንኸይድገም
ህዝብና ክርህዎ ሽግርና ክድምደም
ኤርትራና ክትከውን ከም ቀደም
ገዛእቲ ዘይብሉ ሰላም ንኽድገም
ክትረግእ እታ ሃገር ክነጽፍ'ውን እቲ ደም

መን ከይልዓል ኩሉ ውሽጡ ሕሩር
ዘፍርሕ የለን ኩልና ንሃብርር
ገዛእቲ ጉጅለ ክብሉ ሕርር
ኩሉ ዝተኣስረ ክወጽእ ካብ ማሕዩር

እቶም እሱራት ክወጹ ካብ ጸላም
ኩልና ክንሕጎስ ክርስትያን ምሰስላም
ማዓልቱ ከእክል ዘበን ኣጣላላም
ብርሃን ክትክኡ ነዚ ዘሎ ጸላም
ኣብ መላእ ሃገርና ክሰፍን እቲ ሰላም

ክብርን ዝኽረን ንስውኣትና
ዓውት ክኣ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

በላይ ምስፍን ጀርመን